ሃገራዊ ሰልፊ

ዕንትርና - ብልጽግና - ሓጐስ

# <u>መዘከር ቁጽሪ 3</u>

# <u>ሰደቓ ፍልልይ ሃገራዊ ሰልፍን ህግደፍን</u>

ብዓንደ-ርእሱ ከም ሰልፊ ንህግደፍ ብዘይ ንሕስያ ከነውድቆን ክንትክኦን ኢና ንጽዕር ዘለና። ካብኡ ዝፍርዝን ፍልልይ የልቦን። እንተኾነ ግን ንስለ ምንጽጻርን ምንጻርን፡ ሃገራዊ ሰልፊ ምስ ህግደፍ ዘለና ዝፈላልዩና ርኡያት ነጥብታት ምዝርዛር ኣገዳሲ ኰይኑ ንረኽቦ። ንእግረ-መንገድና ድማ ምስ ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት ንዘህልወና ቅርበትን ርሕቀትን ንምልላይ ክሕግዝ ይኽእል።

እዚ ሰደቓዊ ዝርዝር እዚ ንብምሉኦም ምስ ህግደፍ ዘለዉና ፍልልያት ዘማልእ ኣይኰነን፤ ብባህሪኡ እናሰፍሐን እናተኾልዐን ዝምዕብል ድማ ኢዩ።

| ዛዕባታት | ህግደፍ | ሃገራዊ ሰልፊ |
| --- | --- | --- |
| 1) **ቅዋም** | **ናይ 1997 ቅዋም ሞይቱ ኢዩ፡ ብቀደሙ'ውን ህዝብን ፖለቲካውያንን ሲቪካውያን ማሕበራትን ዘሳትፍ ኣይነበረን፤ ብሕጂ'ውን ዘሳትፍ ኣንፈት የብሉን። መቅተሊ ምኽንያቶም ብንጹር ኣየቀምጡን።** | ከም መትከል ድማ፡ ኤርትራ ዝተጻሕፈ ሕገ-መንግስቲ ክህልዋ ትጽቢትናን እምነትናን ኢዩ። ከምቲ ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምርግጋጽ፡ ሓድሽ ቅዋም ምህናጽ ተፈጥሮኣዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ንብል። **ሓድሽ ቅዋም ብኣሳታፍነት መላእ ህዝብን ፖለቲካውያንን ሲቪካውያን ማሕበራትን ክስራሕ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ምኽንያታትና ድማ ናይ 1997 ቅዋም፡**<br><br>• ንኻልኦት ፖለቲካውያን ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ዘየሳተፈን፡ በይንኣዊ ናይ ህግደፍን ደገፍቱ ትካላትን ውጹእ ፖለቲካዊ ጽልዋን ትልምን ዝተራእየሉ ኢዩ፡<br>• ብምልኪ ዝተሃንደሰን ኣብ ትሕቲ ምልኪ ዝተሃንጸን ብምዃኑ ሕጋውነቱ ስለዝብርዕን፡<br>• ኣብ ትሕዝቶ፡ እቶም ነደፍቱ እውን ከይተረፈ ዝተገንዘብዎ ድኽመታት ኣለዎ፡ (ንኣብነት ኣብ ዓንቀጽ 23 ቁጽሪ 2 *'መሬትን ኩሉ ባህርያዊ ሃብትን ንብረት መንግስቲ'* ኢሉ ምውቃሩ)<br>• ኣብ ግብሪ እውን ተሰሪሕሉ ኣይፈልጥን፤ ስለ እዚ ኣብ ባይታ ካብ ሓደ ሓድሽ ቅዋም ንላዕሊ ብልጫ የብሉን፡<br>• ምስ እቲ ምስ ሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ (ህግደፍ) ጥራይ ዝተኣሳሰር ታሪኽ ዘለዎ ሰነድ ብምዃኑ፡ ክንዲ እቲ ክፍጠር እንደልዮ ዘለና ኣሳታፊ ሓድሽ ቅዋም ዝህቦ ናይ ሓድነት መልእኽቲ የብሉን። ህዝቢ ድማ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዘየሻሙ ዋንነት ክህልዎን ክስምዖን ኣገዳሲ ኢዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ናይ 1997 ቅዋም ክትዓትን ምጽዳቕን ዘየርከበ/ቡ ወለዶ/ታት ኣብ ጅማሪ ሓድሽ ምዕራፍ ክሳትፍ ምኽኣል ኣገዳስነቱ ዝነኣኣስ ኣይኮነን፡<br>• ብወግዒ በቲ ከውሕሶን ከተግብሮን ዝግብኦ ዝነበረ ህግደፍ ተቐቲሉ ወይ በርዒኑ ኢዩ፡<br>• ምሉእ ትሕዝቶኡ ናብ ክትዕ ምውራዱ ስለዘይተርፎ ነቲ ሓድሽ ቅዋም ምስራሕን ነቲ ዝነበረ ምምሕያሽን ተመሳሳሊ ጻዕሪን ወጻኢታትን ምህላኹ ኣይተርፍን፡ |

| | | |
|---|---|---|
| | | • ንመሰጋገሪ መንግስቲ ዝተሰርሐ ናይ ሕጊ ሰነድ ስለዘይኰነን፡ ከምዘለዎ ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ ክሰርሕ ድማ ኣይክእልን።<br><br>ስለዚ ድማ ኢና ነቲ ናይ 1997 ቅዋምን ባህላዊ ሕግታትን ካልኦት ዘይተበርበሩ ምንጭታት ሕጊ ከም መወከስን መሰረትን እምበር በይኖም ቈይሞም ሕገ-መንግስቲ ኰይኖም ከገልግሉ ዘይንመርጽ። ንስለ ሃገራዊ ስኒትን ምርድዳእን፡ ብፍላይ ኣብ ምምስራት መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ቅዋም 1997 ተራ ንኽጻወት ዝተራእየሉ መዳያት እንተተረኺብሉ ግን ሕድገት ክንገብር ድሉዋት ኢና። |
| | **ቅዋማዊ ስርዓት ኣየረጋገጹን፡ ከረጋግጹ ድማ ተስፋ የለን** | **ቅዋማዊ ስርዓተ-ምሕደራ ግድን ክምስረት ኣለዎ ንብል** |
| | **ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምርግጋጽ ንሳቶም ዝዕቅንዎ ደረጃ ንቅሓትን ትካላትን ክህሉ ኣለዎ ይብሉ** | **ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምርግጋጽ ተፈጥሮኣዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ንብል** |
| **2) ንጹርነት ፖለቲካዊ ወገን** | **ንጹርን ግሉጽን ኣይኰነን** | **ማሕበራዊ ደሞክራሲ** |
| | **ኢደሞክራስያዊ ባህሪ ዘለዎ“** | **ሓቀኛ ደሞክራስያዊ** |
| | **ኣተረጓጉማ ደሞክራሲ**<br>“ደሞክራሲ ኣብ ቁጽሪ ሰልፍታትን ምኽያድ ምዱብ ምርጫታትን ዘይኰነስ ኣብ ክዉን ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ምውሳን ጉዳያት ኮማቱን ሃገሩን ከም ሓደ መርኣያ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን መሰል ምውዳብን ምግላጽ ርእይቶታትን፡ ንምርጫታት ከኣ ከም ኣድማሳዊ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝምልከት ኣይኰነን” | **ኣተረጓጉማ ደሞክራሲ**<br>ደሞክራሲ፡ ደቂ ሰባት ንሓባራዊ መሰላቶም ንምውሓስ ዝመሃዝዎ ስርዓተ ሓባራዊ ናብራ ኰይኑ፡ ሱታፌ ኩሉ ህዝቢ፡ ነጻ ምዱባትን ዘይምዱባትን ምርጫታቶም፡ ንምርጫኦም ዘጽንዕ ልዕልና ሕግን ምክብባርን ምቅብባልን ዘካትት ባይታ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ብዙሕነት ሰልፍታት መሰረት ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ምኻኑ ንኣምን። |
| **3) መንግስትን ሰልፍን** | **ግንባር ኢዮም። ንኹሎም ሃገራውያን ሰልፍታትን ኣተሓሳስባታትን ኣጠቓሊሉ ዘሎ ዓርሞሸሽ ክመስል ይደሊ** | **ሰልፊ ኢና። ንኹለን ሃገራውያን ሰልፍታት ዘሳትፍ መድረኽ ንፈጥር እምበር፡ ኩለን ኢና ኣይንብልን። ሃገር ጥራይ ኢና ከም ግንባር እንርእያ** |
| | **ህግደፍ ንመንግስቲ ይብሕት፡ ህላወን ተሳታፍነትን ካልኦት ሰልፍታት ይነጽግ** | **መንግስቲ ሰልፍታት ብምውድዳር ዝጭብጥኦ ሰፈር መሪሕነት ሃገር ኢዩ፤ ኩለን ሰልፍታት ድማ ማዕረ መሰልን ተራን ኣብ ተሳታፍነት ይህልወን** |
| | **ስልጣን ታሪኻዊ ብጽሒቱ ኢሉ ይኣምን** | **ስልጣን ናይ ህዝቢ ምርጫ ኢዩ።** “ብመሰረቱ ግን እቲ ዝለዓለ ኢድ ስልጣን ዘለዎ ህዝቢ ኢዩ።” **ዝኾነት ሕጋዊት ሰልፊ ብምርጫ ናይ ህዝቢ ስልጣን ክትሕዝ መሰል ኣለዋ** |
| | **ሕብረሰልፋውነት ብተግባር ኣይፈቅድን፡ ኣብ ግብሪ ስማዊ’ውን ኣይፈጠረን** | **ኤርትራ ሕብረሰልፋዊት ሃገር ክትከውን ኣለዋ ኢልና ንኣምን** |
| | **ተሓታትነት ኣየፍቅድን ግሉጽነት የብሉን** | **ተሓታትነትን ግሉጽነትን ብግዲ ክህሉ ይግባእ፤ ስለዚ ድማ ነቶም መዋቕራት ስልጣን** “ብምትሕስሳብን ሓድሕድ ምቁጽጻርን ምዝማድን ይሰርሑ” **እንብል** |

| | | |
|---|---|---|
| | **ኣብ 1994 ሃገራዊ ቻርተሮም፡ እቲ** “ግንባር ኣጠቓላሊ ናይ መንግስቲ ኣጀንዳን ፖሊሲን ንምውሳንን ንምጽላውን ክቃለስ መሰረታዊ ዕማሙ ኢዩ” **ይብሉ** | **እምነትና፡ ኣጠቓላሊ ናይ መንግስቲ ኣጀንዳን ፖሊሲን ንምውሳንን ንምጽላውን ምቅላስ ናይ ኩለን ፖለቲካውያን ሓይልታት ተራ ኢዩ** |
| | “ውድባዊ ቅርጹ ኣብ ላዕሊ ከቢድ (Top-heavy)” ኰይኑ ይርከብ። እዚ ማለት ምስ ቁጽሪ ታሕተዎት መራሕትን ተራ ኣባላትን ብምንጽጻር ኣዝዮም ብዙሓት ላዕለዎት ኣመሓደርቲ ዘለዉዎ ኢዩ። | **ውድባዊ ቅርጽና ብኣንጻሩ ኣብ ታሕቲ ከቢድ ኣብ ላዕሊ ግን** ጸፊሕ (Flat) ኢዩ። እዚ ዓይነት ቅርጺ ውድባዊ ምሕደራ ኣብ መንጎ ላዕለዎት መሪሕነትን ተራ ኣባላትን ውሑዳት ኣመሓደርቲ ዝኸተል ኢዩ። |
| | **ሰልፎም ወይ ግንባሮም፡** “ግንባር ኣብ ኤርትራ፡ ዋሕስ ሰላምን ምርግጋእን፡ ዋሕስ ምምዕባልን ምድልዳልን ሃገራዊ ምህናጽ፡ ዋሕስ ጥዑይን ደሞክራስያውን ፖለቲካዊ ግስጋሰ ማእከል-ስሕበት (centre of gravity) ክኸውን ኣለዎ።” | **ውሕስነት ጥዑይን ደሞክራስያውን ፖለቲካዊ ግስጋሰ ብማእከል-ሰሓብነት ሓደ ግንባር ወይ ሰልፊ ዘይኰነስ ቅዋማዊ ስርዓት ብምትካል ኢዩ** |
| **4) መልክዕ መንግስቲ** | መዋቅር ስልጣናት (ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ) በቲ ፈጻሚ ኣካል ተወኒኑ እንተሃለወ'ኳ፡ ፕረዚደንታዊ መልክዕ መንግስቲ ኣለዎ። በዚ መሰረት ድማ፡ እንተዘይተተግበረ እኳ፡ ብመሰረት ቅዋም 1997 ኣብ ኤርትራ ኣብ ክትከል ዝተሓሰበ መልክዕ መንግስቲ ፕረዚደንታዊ ኰይኑ ባይቶ ብህዝቢ ይምረጽ፡ ፕረዚደንት ግን ካብ ባይቶ ይምረጽ። | መዋቅር ስልጣናት (ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ) ግቡእ ተራኦም ዝጻወትሉ ፕረዚደንታዊ መልክዕ መንግስቲ ክህሉ ንመርጽ። በዚ መሰረት፡ ባይቶ ብህዝቢ ይምረጽ እኳ እንተኾነ ኣብ ውሳኔ ህዝብና ምሉእ እምነት ስለዘለና፡ ፕረዚደንት ብቀጥታ ካብ ባይቶ ዘይኰነስ ብህዝቢ ይምረጽ። |
| | **ቁጽርን ፍቓድን እምነታት ይውስን። 4 ኣብያተ እምነታት ይፈቕድ** | **ቁጽሪን ፍቓድን እምነታት ምውሳን ግዴና ወይ ግደ ዝኾነት ሰልፊ ኣይኮነን።**<br>• መንግስትን ኣብያተ-እምነታትን ዝተፈላለያ ኢየን፡<br>• ኣብያተ-እምነታት ይኹና ኣመንተን ንሕግን ኣብ ቅድሚ ሕግን ማዕረ ኢዮም፡<br>• ኩሎም ኣመንትን ዘይኣመንትን ዜጋታት ማዕረ ኢዮም፡<br>• ኩለን እምነታትን ዘይእምነታትን ማዕረ ኢየን፡ |
| | **ንኻልኦት እምነታት ምእሳርን መቅደሳቶም ምርኻስን** | **ኻልኦት እምነታት ነጻነት ናይ ምምላኽን፡ ብእምነቶም ዘይምእሳርን፡ ቅድስነት መቕደሳቶም ምሕላውን፤ እንተኾነ ዝኹነ ክስታት ኣብ ልዕሊ ዝኾነት እምነት ከም ኩሎም ካልኦት ክስታት ብመንገዲ ቤትፍርዲ ይካየድ።**<br>• እምነት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ኢዩ፡<br>• ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ዝደለዮ ክኣምንን ከይኣምንን፡ ካብን ናብን እምነታት፡ ወይ ካብ እምነት ዘለዎ ናብ ዘይብሉ ወይ ድማ ናብ ኣንጻሩ ክቕይርን መሰሉ ኢዩ፡<br>• ንዝኾነ ሰብ፡ ኣይኰንኩን ብዝበሎ እምነት ክጽዋዕ ወይ ኢየ ንዝበሎ እምነት ክኽላእ ኣይንድግፍን፡ |
| **5) ማዕርነት ሃይማኖት** | **ጽዑቕ ኢድ ምት እትታው ኣብ ኣብያተ እምነታት** | **ምትእትታው ኢድ መንግስቲ ኣብ ኣብያተ እምነታት ኣይንፈቕድን** |

| | | |
|---|---|---|
| | **ማሕበራዊ ኣገልጉሎታት ካብ ምሃብ ይኽልክለንን ይህግረንን** | **ኣብ ማሕበራዊ ኣገልጉሎት (ብፍላይ ትምህርትን ጥዕናን) ልምዓትን ብግብረ ሰናይነተን ክተሓባበራ ነፍቅድን ነተባብዕን**<br><br>**ብተወሳኺ፡**<br>● ዝኾነ እምነት ወይ ዘይእምነት ዘለዎ ኣባል ናይ እዚ ሰልፊ ምኳን ፍቓድ ኣለዎ፡<br>● እምነት ወይ ዘይእምነት ሓደ መራሒ ሃገር ንመንግስቲ ኰነ ንሃገር ክውክል ኣይግባእን ንብል። |
| **6) ቀጽርታት ምምሕዳርን ምርጫታትን** | **ቀጽርታት ምርጫታት (ነተን ዝርካበን ዝተገብራ ባይቶኣዊ ምርጫ ብምውካስ) ልክዕ ከምቲ ቀጽርታት ምምሕዳር ብዘባ ኢዩ፡** | **ቀጽርታት ምርጫ ካብ ምምሕዳራዊ ቀጽሪ ዝተፈልየ ኢዩ፤ ምስ ብዝሒ ሰብን ኣቀማምጣን ዝተኣሳሰርን ተቀያያሪን ክኸውን ኣለዎ፡**<br>● ናይ ምርጫ ቀጽርታት ብመጠን ብዝሒ ዝተወሰኑ ከባብያዊ ተወከልቲ ኣብ ባይቶ ይሕንጸጽ። ንሓደ ወኪል ባይቶ ከምርጾም ዝኽእል ብዝሒ ህዝቢ ብጽዑቕን ስሑውን ህዝቢ ዝቕመጥዎ ከባቢ ምህላውን፡ ምግዓዝ ካብን ናብን እውን ስለዝህሉ፡ ኣብ ካብ ዓሰርተ ዓመት ዘይበዝሕ ዳግመ-ግምት ተገይርሉ ይጸንዕ ወይ ክቀያየር ይኽእል፡ |
| | **ናይ ፐረዚደንት ይኹን ናይ ባይቶ ምርጫታት የለን፡ ዝዓዪ ኮሚሽን ምርጫ እውን የለን። ብሓጺሩ ናይ ክትምረጽን ክትመርጽን መሰል የለን።** | **ናይ ባይቶ ምርጫታት ግድን ክህሉ ኣለዎ፤ ነዚ ዘካይድ ኮሚሽን ክህሉ ኣልዎ። ኩሉ ዜጋ ናይ ክምረጽን ክመርጽን መሰሉ ይረጋገጸሉ።**<br><br>● ኮምሽን ቦርድ ምርጫ ብኣብ እዋኑ ዘሎ ፈጻሚ ኣካል ይምረጽ፡ ንምጽዳቑ ግን ብባይቶ እኹል ድምጺ ክረክብ ይግባእ።<br>● ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ዜጋ፡ ብዘይካ ብፍርዲ ክእገድ ዝተበየነሉ፡ ክመርጽን ክምረጽን መሰል ይህልዎ፡<br>● እንተኾነ ምዱብ ሰራዊት (ምናልባት እውን ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምፍጻም ዝርከብን፡ ዝተፈርደ እሱርን) ኣብ ፐረሲደንታዊ ይኹን ባይቶኣዊ ምርጫታት ከድምጽ ኣይፍቀዶን፡ |
| | **6 ዞባታት ምምሕዳር ፈጢሩ። ደጊሙ እውን ካልእ ምምሕዳራዊ ቀጽሪ ብገዛእ ፍቃዱ ክቅይሮ እውን ይኽእል** | **ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ክንጥቀመሉ እንኽእል እንተኾነ እኳ፡ ደሓር ብመሰረት ቅዋም፡ ብድምጺ ህዝቢ ክውሰን ንኣምን**<br>● ኤርትራ ቀዳማይ መድረኻ ዝዓጸወትሉ እሞ ሽዕኡ ደሞክራስያዊ ሃገር ክትከለሉ ዝግብኦ ዝነበረ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም 1993 ዝተጠቐምናሉ ኣውራጃዊ ቀጽርታት (ነቲ ድሕሪ ፍርዳዊ ውሳኔ ዶብ 2002 ዝተሸርፈን ዝተወሰኾን ደሚሩ ወይ ኣጉዲሉ)፡ ኣብ ግምት ምእታውን፤ እቲ ካብ 1996 ጀሚሩ ዝተኣታተወ ናይ ዞባታት ምምሕዳር ዘሕደሮ ጽልዋ ዳርጋ ስለስተ ዕቑዳት ብምግንዛብን፤ ካልኦት ምምሕዳራዊ ሓሳባት ክህልዉ ስለዝኽእሉን፤ ብቐጥታዊ ረፈረንደም ይኹን ብባይቶ ክውሰን ይግባእ ኢልና ንኣምን፡<br>● ንመበገስን ብድሆታት ንምንካይን ግን ቀጽሪ ምምሕዳራት ኣብ ግዜ መሰጋገሪ መንግስቲ ከምቲ ዝጸንሑና ክንጥቀመሉ'ም ንመርጽ፡ |

| | | |
|---|---|---|
| | **ብዛዕባ እተን ብመሰረት ናይ 2002 ናይ ዶብ ውሳኔ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዳ ዓድታት ዝፍለጥ መርገጺን ስራሕን የብሎምን** | **ብዛዕባ እተን ብመሰረት ናይ 2002 ናይ ዶብ ውሳኔ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዳ ዓድታት ፍሉጥ መርገጺ ኣለና**<br>● ኩሎም ዋናታት እተን ንኢትዮጵያ ዝተዋህባ ናይ ኤርትራ ዜጋታት ስለዝኾኑ፡ ዘለዉዎ መሬት ናብ ኢትዮጵያ ይኺድ እምበር ከም ርእሱ ዝኸኣለ ምምሕዳራዊ ቀጽሪ (እንተተኻኢሉ ናይ ምርጫ ቀጽሪ እውን እምበር) ንሪኡ።<br>● እቶም ኣብ እቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኤርትራውያን ዜጋታትና ድማ ከም ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ምንባርን ፍልይ ዝበለ መሰልን ሓለፋን ክህልዎም ክነረጋግጽ ኢና<br>● ብኡ መጠን ድማ እቶም ኣብቲ ንኤርትራ ተዋሂቡ ዘሎ መሬት ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኢትዮጵያውያን ክሳብ ዜጋታት ኤርትራ ንምኳን ደልዮም ብሕጊ ዝፍቀደሎም ናይ ድምጺ መሰል የብሎምን። እቲ ዘለውዎ መሬት ድማ ክፋል ናይተን ዝህልዋና ምምሕዳራዊ ቀጽርታት ይኸውን።<br>● እቶም ናብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዮም ክነብሩ ዝደልዩ ዜጋታት ድማ ኣብ ዝደለይዎ ንኽነብሩን ናይ መሬትን ምጥያስን ፍልይ ዝበለ ሓለፋን መሰልን ይወሃቦም። እዚ ሓለፋ እዚ ናይ ስራሕ፡ ማህደረ-ትምህርቲ፡ ካልኦት መሰላትን ዘጠቓለለ ኢዩ። እቲ መሬቶም ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ቀጽርታት ምርጫታት ዝተኻተተ ስለዘይኮነ ድማ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ናይ ክመርጹን ክምረጹን ዕድል ክፍጠረሎም ይግባእ፡<br>● ኣብ ዝተናውሐ እዋንን ምዕባለታት ብዝዓደሞ መሰረትን ድማ ነቲ ኤርትራዊ መሬት በቲ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ኣትዩኒ እትብሎ መሬት ምክሕሓስን ምድኞቓስን ነተብባዕ። በዚ መሰረት ድማ ምምሕዳራዊ ይኹን ናይ ምርጫ ቀጽርታት ክመቻቻእ የድሊ።<br>● ነዚ ኩሉ ዝከታተል ነቶም ነበርቲ ኣብቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ዝርከብዎ ዘሳተፈ ኮምሽን ወጺኡ መጽናዕቲ ብምግባር ንኸውሰዱ ዘለዎም ጉዳያት ምስ ምሕጽንታኡ ናብ ባይቶ ሃገር የቕርብ። ንጥርዓናት እቶም ዜጋታትናን ነቲ በታ ኮምሽን ዝቐርብ ጸብጻብን ምሕጽንታን ምርኩስ ብምግባር ድማ፡ እቲ ባይቶ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦት ውሳኔታትን ወሲኑ ንፈጻሚ ኣካል ንምትግባሩ የቕርብ። |
| **7) ምክልኻል** | **ሃገራዊ ስራዊት ኣየቌመን፡ ብሕጂ ንከቅውም እውን ዝርአ ወንን ምድላዋትን የለን** | **ተጸኒዑ፡ ሃገራዊ ስራዊት ብዝቀልጠፈ ክምስረት ወኒ ኣለና፡ ንዕኡ ዝከውን በይንኣዊ መጽናዕቲ ንገብር ኣለና** |
| | **ኣባላት ሃገራዊ ኣገልጉሎት ነቲ ናይ ሃገራዊ ስራዊት ናይ ምክልኻል ዕማም የካይዱ** | **ኣባል ሃገራዊ ስራዊት ንምዃን ኣባል ሃገራዊ ኣገልጉሎት ክትከውን ግድን ኣይኮነን። ናይ ምክልኻል ዕማም ናይ ሃገራዊ ስራዊት ኢዩ።** |
| | **ንሰራዊት ኤርትራ ናይ ምዕባለን ሰላምን ዘይኮነስ ናይ ኲናት ኣርማ ጌርዎ ኣሎ** | **ሰራዊት ኤርትራ ኣተርኒዕካ ናይ ሰላምን ምዕባለን ኣርኣያ ምግባሩን ብኡ ኣቢልካ ቁጠባዊ እቶት ምኽዕባትን ኢዩ ትልምና፡**<br>● ዝተወሰነ ግን እኹል ቁጽሪ ዘለዎ ኣውሓሲ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምድላብን ኣብ ኩሉ መዳያት ልምዓት ሃገር ምስታፉን፡<br>● ሰራዊት ኤርትራ ዓቃቢ-ሰላም ብምዃን ኣርኣያ ምግባሩን ብኡ ኣቢልካ ቁጠባዊ እቶት ምኽዕባትን፡<br>● ናይ ካልኦት ሃገራት ሰራዊት ብምስልጣን እቶት ሃገር ክብ ምባል፡<br>● ወተሃደራዊ ክዳንን ወተሃደራውያን ንዋታትን መሳለጥያታትን ምፍራይ፡<br>● ማእከል ምርምር ጸጥታን ምክልኻልን ብምፍጣር ከኣ ናይ ምህዞን ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ብምትእትታው ንሰደድ ምዕያይ፡ |
| | **ናይ ሳይበር ሰራዊት ኣየቌመን** | **ኣድላይነቱ ዕዙዝ ስለዝኾነ፡ ናይ ሳይበር ሰራዊት ክነቅውም ኢና።**<br>● ኤርትራ ብቴክኖሎጂን ቁጠባን ዘውሕሳ ናይ ሳይበር ሰራዊት ይህልዋ፡ |

| | | |
|---|---|---|
| | ኣብ ወሰንቲ ወተሃደራዊ ታሪኻትና (ስትራተጂኣዊን ታክቲካውን) ከምኡ እውን ናይ እቶም ዓውደ-ኲናት ዝመርሑ ዓሚቑ መጽናዕቲ ኣየካይድን፤ እንተኣካየደ ድማ ነቲ ናይ ህግሓኤ ጥራይ እምበር ነቲ ናይ ካልኦት ፖለቲካውያን ሓይልታትን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልጉሎትን ኣየንጸባርቅን | ፖለቲካዊ መሳርያም ወይ ወለዶኦም ብዘየገድስ፡ ኣብ ወሰንቲ ወተሃደራዊ ታሪኻትና (ስትራተጂኣዊን ታክቲካውን) ከምኡ እውን ናይ እቶም ዓውደ-ኲናት ዝመርሑ ዓሚቑ መጽናዕቲ ምኪያድ ንኣምንን ኣቓልቦ ከምዝረኽቡ ንገብርን፡ |
| **8) ሃገራዊ ኣገልጉሎት** | ኣገልጋሊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዕዮ ሃገራዊ ሰራዊት ይዓምም | ኤርትራ ብቀዋምነትን ብሞያን ዝከላኸል ሃገራዊ ሰራዊት ኢዩ ዘድልያ። <br>● ኩሉ ኣገልግሎቱ ዝወድአ ዜጋ፡ ዕቑር ሓይሊ ሃገር ኰይኑ ኣብ እዋን ሃገራዊ ሓደጋ ብህጹጽ ኣዋጅ መጸዋዕታ ከኽብር ይግባእ፡ |
| | ናይ 1995 ናይ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣዋጅ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊም የገድድ። | ሃገራዊ ኣገልጉሎት ሲቪላዊ (ቁጠባውን ማሕበራውን) እምበር ወተሃደራዊ ታዕሊም ኣየጠቓልልን <br>● ምስ ምትካል ሃገራዊ ሰራዊት፡ እቲ ናይ 1995 ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ብወግዒ ክስረዝን፡ ብሓድሽ ተሰማማዒ ናይ ሲቪላዊ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣዋጅ ክትካእ፡ <br>● ዘየሻሙ ሓያል ሃገራዊ ሰራዊት እትውንን ኰይና፡ ሰላም እትልእኽ (export) ሃገር ኢና ክንፈጥር እንደሊ። |
| | ዘይከምቲ ኣብቲ ኣዋጅ፡ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ ጌሮሞ <br><br>ንኣገልገልቲ ኣብ ናይ ንሓዋሩ ናይ ውትህድርና ባርነት ቁሪኑ ይርከብ። ንሳዋ ድማ ናይ መከራ ኣርማን መፍረ ኣገልገልቱን ጌርዋ ይርከብ | ንውሓት ሃገራዊ ኣገልጉሎት፡ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ክኸውን የብሉን <br>● ሃገራዊ ኣገልጉሎት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ግዴታ ኰይኑ፡ ካብ 24 ኣዋርሕ ክነውሕ የብሉን፡ <br><br>ሳዋ ናይ ቁጠባዊ ሓርነት ኣርማን መፍረ ሓራ ዜጋታትን ንገብራ <br>● ኩሉ ዜጋ፡ ከም ተሳታፊ ልምዓት ሃገር መጠን፡ ክፉል ሃገራዊ ኣገልጉሎቱ ካብ 10-50 ኣግራብ ክተክል ከጽድቕን ክግደድ። |
| **9) ብሄራት** | ኤርትራ ትሽዓተ ብሄራት ኣለዋ ጥራይ ይኣምን | ኤርትራ ካብ ትሽዓተ ንላዕሊ ብሄራት ወይ ቀቢላታት ኣለዋ ኢልና ንኣምን <br>● ብብሄር ይኹን ብቐቢላ እቲ ኣሃዝ ካብ ትሽዓተ ስለዝበዝሕ እቲ ትሽዓተ ብሄራት ጥራይ ዝብል ኣይንቕበሎን፡ |
| | ብሄርነት ይህብን ይኸልእን | ብሄርነት ኣይንህብ ኣይንኸልእ <br>● ብሄርነት ባዕሉ በቲ ብሄርን በቲ ንብሄራት ክፉት ዝኾነ ሕግን ይውሰን <br>● ኩለን ብሄራት፡ ቀቢላታት፡ ቋንቋታት፡ ባህልታት፡ ልምድታትን፡ ክብርታትን ማዕረ ኢየን፡ <br>● ሓደ ዜጋ ዝደለዮ ብሄር/ቀቢላ ክኸውን፡ ዘይደለዮ ከኣ ከይጽዋዕ መሰል ምህላዉ ንኣምን፡ |
| | ባንዴራ ኤርትራን ሰንደቅ ግንባር እምበር ሰንደቕ-ዕላማ ናይ ሃገራዊ ዕላማ ኣይኮነትን | ባንዴራ ሃገርና ሰንደቕ-ዕላማ ኤርትራ ምዃና ኢያ። |
| | እዛ ናይ 1993 ኣርማ ሰልፎም ዘካተተት ባንዴራ ሃገራዊ ትሕዝቶ ክኸውን ግዲ ይብሉ | ባንዴራ ናይ ህዝቢ ምርጫ ኢያ። ሓሳብ ባንዴራ ምቕራብ ናይ ኩሉ ዜጋ ወይ እኩብ እንተኾነ እኳ፡ እዛ ናይ 1993 ባንዴራ ኣርማ ግንባሮም ዘካተተት ባንዴራ ምዃና ንኣምን። ኣርማ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ግድን ክጸናበራ ወይ ክላተማ ኣለወን ኣይንብልን። |
| | ናይ ህዝቢ ምርጫ ባንዴራ ኣይዓጠጦምን | ባንዴራ ኤርትራ ትሕዝቶኣን ድሕረባይታኣን ብዘየገድስ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓበን እምበር ናይ ውልቀ ሰልፊ ሰንደቕ-ዕላማ ኣይኮነትን |

<table>
<tr>
<td>10) ባንዴራ</td>
<td>ንመፈላለዪን መለለዪ ናቶም ዕላማን ጌሮማ፤ ነዛ ባንዴራ ዝጸልእ ንዕኦም ከምዝጸልአ፡ እንተኾነ ንሃገር ከምዝጸልአ ጌሮም የቕርብዎ</td>
<td>ባንዴራ ንሃገራዊ ሓድነት ንጥቀመላ። ንሃገራዊት ባንዴራ ዘይሰማማዕ ዜጋ ክህሉ ይኽእል ኢዩ፡ ክሳብ ብሕጊ መተካእታ ዝርከብን ኤርትራ ድማ ክብሩን መሰሉን ዝሓለወትሉ ንህላዌኣ ከኽብራ ይግባእ። እንተኾነ ንዝኾነት ባንዴራ እንተጸልኣ ንዓና ወይ ንሃገር ጸሊኡ ማለት ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ኩሉ ዜጋ ናይ ሓባር ውሳኔ ከኽብር እናተጸበናን እናተማሕጸንናን፡ ዘይሃሳዪ ጽልኡ ነኽብረሉ። ብተወሳኺ፡<br>ባንዴራ ሃገርና ሰንደቕ-ዕላማ ኤርትራ ምዃና ኢያ። ኣገዳስነታን ዕዙዝነታን ድማ ኣዝዩ ይስቈረና ኢዩ። ኣብ ግዜ ክብታን ለጠቕታናን ድማ ንሃገራዊ ሓድነትና መለለዩት ከምዝኾነት ክብሪ ኣለና። እዚ እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ባንዴራ፡ ዜጋታት ንዓና ክትውክለና ኢልና እንሰርሓን እንሰርዓን እምበር፡ ካብ ቅዋምን ፍትሕን ትኹን፡ ካብ መሰልን ማዕርነትን ሓደ ዜጋን ኣይትዓብን። ክትዓቢ እውን ቅኑዕ እውን ኣይኮነን፤ ሓደ ዜጋ ክንዲ ሽሕ፡ ሽሕ ድማ ክንዲ ሓደ ምዃኑ ስለ እንኣምን። ህላዌኣ ንስኒትን ሓበን ዜጋታትን ክትሕግዝን ከተደልድልን እምበር ከተጉድል ክኸውን ኣይግባእን። ንስለ ሃገራዊ መለልዩናን ሓበንናን ባንዴራ ክሳብ ዘድለየትና እምበኣር፡
<ul>
<li>ኣብ መጻኢ (እዋኑ ብዝጠለቦ እኹልን ርትዓውን ጠለብ ካብ ህዝቢ ምስተረጋገጸ) ኩሉ ዜጋ ካብ እዘን ዘለዋን ዘየለዋን ኣኣብ ዝተወሰነ ዓመታት  ዝመስሎ ባንዴራ ናብ ውድድር ከቕርብ መሰል ይህልዎ። በዚ መሰረት ድማ፡
<ul>
<li>ብናይ ባንዴራ ምርጫ ኮሚሽን ምውህሃድ እተን ንመወዳእታ ናይ እቲ ውድድር ዝበጽሓ</li>
<li>ባንዴራታት ናብ ምርጫ ቀሪበን ብቐጥታዊ ረፈረንዱም ይኹን ብባይቶ ሓንቲ ካብኣተን ይምረጻ፡</li>
<li>ባንዴራ ኤርትራ ዝኾነ ንሓደ ክፋል ሕብረተ-ሰብ ወይ እኩብ ጥራይ ዘድምቕ ወይ ንገለ ዘጓኒ ወይ ዘነኣእስ ትሕዝቶ ዘለዋ ክትከውን ኣይግባእን፡</li>
<li>ሃገራዊ ሰልፊ ብመሰረት ጉባኤኡ፡ ኣኣብ እዋኑን፡ ንካብ ዘለዋ ይኹና ንዝሕጸያ ባንዴራታት ክድግፍ ወይ ብድፉኑ ከይድግፍ ይኽእል፡</li>
<li>ዝኾነት ፖለቲካዊ ሰልፊ ኣብ እተን ንውድድር ዝቐረባ ምርጫ ክትሕዝን ናይ ገዛእ ርእሳ ኣርማን ሰንደቕ-ዕላማን ክህልዋን መሰላ ኢዩ።</li>
</ul>
</li>
<li>ክሳብ ሽዑ ግን እታ ኣውሊዕ ባንዴራ፡ ኣብ ታሪኻዊ ኣገዳስነታን ተራኣን ዘለና ክብርን እትፈጥረልና ሓበንን ኣብ ቦታኡ ይህሉ።</li>
<li>ኣብ ዝኾነ ወግዓዊ ንጥፈታትን ዓለማዊ መድረኻትን ንህልውቲ ባንዴራ ኤርትራ ብሓበን ክንጥቀመላ ንግደድ።</li>
</ul>
</td>
</tr>
<tr>
<td rowspan="2">11) ማዕርነት ቋንቋ</td>
<td>እቶም ተዛረብቲ ትግርኛን ዓረብን ዘይኮኑ፡ ኣብ ርእሲ ናይ ቋንቋ ኣደ ትግርኛን ዓረብን (ከም ናይ ስራሕ ቋንቋታት መጠን) ከምዝመሃሩ ኣይገብርን። በዚ መሰረት ድማ ትምህርቶም ምስ ወድኡ ምልከት ናይ ስራሕ ቋንቋ (ጽሕፈት፡ ንባብ፡ ዘረባን) ስለዘይብሎም ናይ ቤትጽሕፈታት ስራሕ ክረኽቡ ይሽገሩ።</td>
<td>ምስ ዕድላት ስራሕ ምትእስሳር፡ ዝኾነ ዜጋ እንትወሓደ ንሓንቲ ወግዓዊት ቋንቋ ከምዝቃላዕ ይግበር።</td>
</tr>
<tr>
<td>ሃገራዊ፡ ወግዓውን፡ ወይ ናይ ስራሕን ቋንቋታት ባዕሉ ወሲንዎ</td>
<td>ሃገራዊ፡ ወግዓውን፡ ወይ ናይ ስራሕን ቋንቋታት ህዝቢ ብቕዋም ይውስኖ</td>
</tr>
<tr>
<td>12) መ.መ.ኤ.</td>
<td>ድሮ ንበይኑ ሓሊፉዎስ ንኻልእ መሰጋገሪ መንግስቲ ድሉው ኣይኮነን</td>
<td>መሰጋገሪ መንግስቲ ሕጂ ይኹን፤ ዝኾነ ናይ ለውጢ እዋን ብመሰጋገሪ መንግስቲ ክጅምር</td>
</tr>
</table>

| | | |
|---|---|---|
| 13) ዶብ | **ብዛዕባ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዱ ዓድታት ግድሻ የለን ወይ ንጹር ፖሊሲ የለን** | **ከባቢ ኣኽራንን ካልኦት ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዱ ዓድታት ኣፍልጦ ንህብን፡ ንዓለማዊ ሕግን ፍርድን እናተቀበልና፡ ብዛዕባ ኤርትራዊ መሰላቶምን ኣብ መጻኢኦም ዝህልዎም ኣበርክቶን ንጹር መርገጽ ኣሎና።**<br>• ኩሎም ዋናታት እተን ንኢትዮጵያ ዝተዋህባ ዓድታትናን ኣብ እቲ መሬት ዘለዉ ዜጋታትን ናይ ኤርትራ ዜጋታት ኢዮም፡<br>• እቶም ኣብ እቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኤርትራውያን ዜጋታትና ድማ ከም ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ምንባርን ፍልይ ዝበለ መሰልን ሓለፋን ክህልዎም ከነረጋግጽ ብኡ መጠን ድማ እቶም ኣብቲ ንኤርትራ ተዋሂቡ ዘሎ መሬት ክጸንሑን ክነብሩን ዝደልዩ ኢትዮጵያውያን፡<br>• እቶም ናብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዮም ክነብሩ ዝደልዩ ዜጋታት ድማ ኣብ ዝደለይዎ ንኽነብሩን ናይ መሬትን ምጥያስን ፍልይ ዝበለ ሓለፋን መሰልን ይወሃቦም። እዚ ሓለፋ እዚ ናይ ስራሕ፡ ማህደረ-ትምህርቲ፡ ካልኦት መሰላትን ዘጠቓለለ ኢዩ። እቲ መሬቶም ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ቀጽርታት ምርጫታት ዝተኻተተ ስለዘይኰነ ድማ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ናይ ክመርጹን ክምረጹን ዕድል ክፍጠረሎም ይግባእ፡<br>• ኣብ ዝተናውሐ እዋንን ምዕባለታት ብዝዓደሞ መሰረትን ድማ ነቲ ኤርትራዊ መሬት በቲ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ኣትዩኒ እትብሎ መሬት ምክሕሓስን ምድቕቓስን ነተብባዕ፡<br>• ነዚ ኩሉ ዝከታተል ነቶም ነበርቲ ኣብ እቲ ንኢትዮጵያ ተዋሂቡ ዘሎ መሬትና ዝርከብዎ ዘሳተፈ ኮምሽን ብባይቶ ተመዚዙ መጽናዕቲ ብምግባር ንኽውሰዱ ዘለዎም ጉዳያት ምስ ምሕጽንታኡ ናብ ባይቶ ሃገር የቕርብ። ንጥርዓናት እቶም ዜጋታትናን ነቲ በታ ኮምሽን ዝቐርብ ጸብጻብን ምሕጽንታን ምርኩስ ብምግባር ድማ፡ እቲ ባይቶ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦት ውሳኔታትን ወሲኑ ንፈጻሚ ኣካል ንምትግባሩ የቕርብ። |
| 14) ኣቀራርባ ወጻኢ ጉዳያት | **ብጣልቃ ምእታው ይልለ፡ ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን** | **ጣልቃ ኣታውነት ንሕረም፤ ብፍላይ ምስ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዘለና ዝምድና፡**<br>• ዝኾነ ዜጋ እዘን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ካልእ ዜጋኦም፡ ብፍላይ ኣብ ህዝቢ፡ ዝፍጽሞ መሰል ምግሃስን ጨፍጫፍን ንኹንን፡<br>• ዝኾነ ውሽጣዊ ግጭታት ኢትዮጵያውያንን ሱዳናውያንን ብሰላም መዕረፊ ክረክብ ዝብል ተሪር መርገጺ ንውንን፡<br>• ኤርትራ ኣብ ናይ እዘን ሃገራት ውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ናይ ሽምግልናን ናይ ዓቃቢት ሰላምን ተራ ክትጻወት ይግባእ፡<br>• ኢትዮጵያ (ምናልባት እውን ሱዳን) ንሕጋዊ መሰልን መስርሕን ተጠቒሞም ናይ ርእሰ-ውሳኔ ድምጺ ንዘካየዱ ዜጋታታ ውሳኔኦም ክትቕበሎ ነተባብዕ፡<br>• ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ይኹን ሱዳናዊ፡ ደጋፊ ሓድነት ሃገሩ ዝኣምን ይኹን ተገንጻሊ፡ ናይ ኤርትራ ልኡላውነት ብወግዒን ብሓቅን ክሳብ ዝኣመነ ዘበለ ስትራተጅያዊ ፈታዊና ይኸውን፡<br>• ብድሎ ይኹን ብቓጻ ናይ ኤርትራ ባሕሪ ይኹን ምድሪ ዋንነት ዘቈናጽብ፡ ዝኾነ ንታሪኽ ኤርትራን ኤርትራውነትን ዝጻባእን ከዳኽም ዝህቅንን ንኤርትራ ከከም ደረጃኡ ስትራተጅያዊ ስግኣትን ጸላኢን ኢዩ፡<br>• ኩሎም ኣብ ርእሲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ነበርትን ዓመጽ ዝፈጸሙ ናይ ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን ፖለቲካውያን ይኹኑ ወተሃደራውያን ሓይልታት ብዘይሻራውያን ወገናት ድሕሪ ምጽራይ፡ ተግበርቱ ኣብ ሕጊ ክቐርቡ ምግባር፡<br>• ናይ ኤርትራ ፖለቲካውያን ይኹኑ ወተሃደራውያን ሓይልታት ኣብ እዘን ሃገራት እዚኣን ይኹን ኣብ ርእሲ ዜጋታተን ዝፈጸምዎ ገበን እንተሃሊዩ፡ ብዘይሻራውያን ወገናት ተጻርዩ ተግበርቱ ድማ ኣብ ሕጊ ክቐርቡ፡<br>• ኢትዮጵያ ወይ ሱዳን፡ ከም ሃገር፡ ወይ እቶም ሓይልታተን ገበነኛታት ኰይኖም እንተተረኺቦም ነቶም ዝተበደሉ ሽነኽ ኤርትራውያን ይቕረ ክሓቱን ክኸሕሱን ይግባእ፡<br>• ኤርትራ፡ ከም ሃገር፡ ወይ እቶም ሓይልታታ ገበነኛታት ኰይኖም እንተተረኺቦም ነቶም ዝተበደሉ ሽነኽ እዘን ሃገራት ይቕረ ክሓቱን ክኸሕሱን፡ |

| | | |
|---|---|---|
| | | • ነዞም ኩሎም መርገጺታትና ብዘይ ዕጻይ ምጻጻይ ምስ እትቕበልን እትሰማማዕን ኢትዮጵያ ትኹን ሱዳን፡ ኢትዮጵያዊ ይኹን ሱዳናዊ ሓይሊ ዝምድናና ድንፉዕ፡ ብኣንጻሩ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ዘይሰማማዐ ድማ ዝምድናና ከከም ደረጃታቶም ድሮ ልሕሉሕ ወይ ሓርፋፍ ኢዩ። |
| | ደረቕን ናይ ጽልእን ዲፕሎማሲ | ዕርክነታውን ናይ ሓቢርካ ዕብየት ዲፕሎማሲ |
| | ጸረ ምዕራባውያን ኰይኑ ናብ ምብራቕ ዝዘበለ | ምስ ኩሎም ዝምድናታትና ነዛንቕ |
| | ዞባዊ ካብ ቤታዊ ጉዳያት ንላዕሊ ምርኣይን፡ ንዕኡ ንምትግባር ድማ ብዋጋ ህዝብን ፖለቲካዊ ናጽነትን ይፍጽሞ | ዞባዊ ድሌታትን ኩነታትን ምስ ቤታዊ ዝተዛነቀ ክኸውንን፡ ብዝበለጸ ድማ ናብ ውሽጣዊ ዝዘጠጠ ኣቀራርባ ኣለና |
| | ናይ ወጻኢ ጉዳያት ንናይ ኤርትራ ውሽጣዊ ጉዳይ ይውስንን ይሃንጽን | ተራ ወጻኢ ጉዳይ እንከይዘንጋዕና፡ ናይ ውሽጣዊ ጉዳያትናን ምስልናን ንናይ ደገ ፖለቲካና ይሃንጽ |
| | ክብርን ፍቕርን ፓስፖርት ኤርትራየሕሲሩስ፡ ዜጋታትና ናይ ካልኦት ፓስፖርታት ይጥቀሙ ኣለዉ | ፓስፖርት ኤርትራ ክብሩን ፍቕሩን ክልዕል ንሰርሕ፡ ደጊም ናይ ደገ ፓስፖርት ምሓዝ ተሸጊሮም ዘይኰነስ ብምርጫኦም ጥራይ ኢዩ ክኸውን |
| **15) ኣገላልጻ ህሉው ኩነታት** | ነቲ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ እዋን መዋእለ መኸተ ይብልዎ | ንሕና ድማ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዝሓለፈ ዓመታት ናይ መከራ መዋእለ ኣደራዕ ኢልና ንብሎ። |
| | ሓያል ኤርትራ ተመስሪታ ኣላ | ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣላ |
| **16) ኣቀራርባ ሃገራውነት** | ትምክሕቲ | ሓበን |
| | ውድድርን ምስ ካልኦትን ጽልእን | ኣብ ውድድርን ጽልእን ዘይተመርኰሰ፡ ኣብ ርእሳ ዘተኰረ ሃገራውነት |
| | ኤርትራዊ መንነት ብሉጽ መንነት | ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ህዝብታት ናቱ ብድሆታትን ፍሉይ ዘግብሮ መንነትን ኣለዎ። እንተኾነ ብሉጽነት ኤርትራዊ መንነት ከም ናይ ኩሉ ህዝቢ ኢዩ። |
| | ሃይማኖታትን ብሄራትን ብምውሳን ህግደፋዊ ዝኾነ መንነት ይሃንጽ | ሃይማኖታትን ብሄራትን ሰልፍታት ኣይውስኖኦን፤ ሃገራዊ እምበር ሰልፋዊ ዝኾነ መንነት ክህነጽ ኣይንፈቅድን |
| | ናይ ኤርትራውነት ሰራሒ፡ ተርጓምን፡ ኣውሓስን በይኑ ኰይኑ ይስምዖን ኰይኑ ይቀርብን | ናይ ኤርትራውነት ምስራሕ፡ ምትርጓምን፡ ምውሓስን ምስ ህዝብና ሓቢርና ድማ ንሰርሖ። ሃገራውነት ብኣሳታፍነት ነውሕሶ |

| | | |
|---|---|---|
| **17) ኣባይትን ዋንነት መሬትን** | **መሬት ንብረት መንግስቲ ኢዩ** | **መሬት ናይ ሃገር ኢዩ**<br>• ሓቀኛን ቀዋሚን ቅዋማዊ ዋኒን ኩሉ መሬት፡ ባሕሪ፡ መንጸፍ ባሕርን፡ ክሊ ኣየራቱን ናይ ሃገር ይኸውን፤ መንግስቲ ድማ የመሓድር፡<br>• ሃገራዊ ንብረት እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ነቲ መሬት እትውንንን እተመሓድርን ድማ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ወይ ከተማ ትኸውን፡<br>• መንግስቲ ነቲ ኣብ ውልቀን ናይ ዓዲ/ከተማ ዋንነት ዘየሎ ንብረት ሃገር የካይድ። እዚኦም ነቶም ኣብ ክንዲ ህዝቢ ብመንግስቲ ዝካየዱ ከም ሃገራዊ ፓርክታት፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲን፡ ሰብ ኣልቦ ደሴታትን፡ ባሕርን መንጽፍ ባሕርን፡ መንግስታውያን ህንጻታት ዝቐሙሎም ቦታታትን ዝኣመሰሉ መሬታት ከጠቓልል ይኽእል፡<br>• ሓደ ዜጋ ሓንሳብ ዝወነኖ መሬትን ገዛን ክሸይጥ፡ ክልውጥን ከውርስን ክኽእል፡ |
| | **መሬትን ኣባይትን ይግብት** | **ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ መሬት ይኹን ኣባይቲ ክግብት ኣይግብኦን።**<br>• ድሕሪ ጽጹይ መጽናዕቲ ምስ ደገፍ ሕጋዊ መስርሕ፡ ኩሉ ካብ ህዝቢ ዝተሃገረ መሬት ናብ ሓቀኛታት ዋናታቱ ይምለስ፡ ንመሬት ዝምልከት ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባትን መንጎ ዓድታት/ከተማታትን ወይ ኣብ ሓድሕዶም ምስ ዘጋጥም ጉዳዩ ብቤት ፍርዲ ይፍታሕ። እዚ ነቲ መንግስቲ ዘመሓድሮ ናይ ሃገር መሬት ወኪሉ ምስ ውልቀ-ሰባትን ዓድታት/ከተማታትን ዝህሉ ምውጣጥ የጠቓልል። |
| | **ኣባይቲ ምስራሕ ከልካሊ ኢዩ** | **ጠለብ ብዝሒ ህዝቢ ንምምላእ ኣባይቲ ብብዝሒ ክስርሑ ንገብር**<br>• ኣባይቲ ብብዝሒ ካብ መሕደሪ ኣልቦነት ንምውጻእን ክብሪ ክራይ ገዛ ንምርግጋእን ብርክት ዝበሉ ኣባይቲ ምስራሕ፡<br>• ንገጠራት ኣዘምኒኻ ኩሉ ናይ ከተማ ኣገልጉሎት እናረኸባ ብዝዓዘዘ ምንጪ ሃገራዊ ናብዮት ኰይነን ክቕጽላ፡<br>• ንህድሞን ኣጓዱን መረብዓትን ብዝቐለለን ዝሓሰረን ንምንባሩ ዝመችአን ትልምታት ቅድታት ምትእትታው። |
| **18) ኣቀራርባ ማዕርነት ጾታ** | **ኣብ ተሳትፎ ኣንስትዮ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ኣድልዎ ዘለዎ ኣቀራርባ** | **ተሳታፍነት ኩለን ኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ኣገልጉሎት ማዕረ ኢዩ** |
| | **ብማዕርነትን ምሕዝነትን ይረጋግጽ**<br>"ኤርትራ ክልቲኡ ጾታታት ብሓባር ብማዕርነትን ምሕዝነትን ዝሃንጻን ብራህዋ ዝነብረላን ሃገር ክትከውን ኣለዋ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ብምሕዝነት" | **ተባዕትዮን ኣንስትዮን ድሮ ኩሎም ሓደ ኢዮም፤ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ዘይኰነስ ምሕዝነቶም ከም ኩሉ ምሕዝነታት ዜጋታት ከም ውልቀ ዜጋታት ኢያ ክትርእዮም ዝግባእ**<br>• መሰል ኣንስትዮ ድሮ ኣብ ልብና ስለዘረጋገጽናዮ ፍልይ ዝበለ ኰይኑ ኣይንርእዮን፤ እዚ ድማ ኩለን ኣንስትዮ ከም ኩሎም ተባዕትዮ ኩለን ሰብ ኢየን ኢልና ስለእንኣምን ኢዩ። ተባዕታይን ኣንስታይን ብሓደ ዓይኒ በብውልቆም እትርኢ ሃገር ስለእንኣምን እውን ኢዩ።<br>• እንተኾነ ንምዕሩይ ዕድላት ንምርግጋጽን ምውሓስን ንሰርሕ። |
| | **ማሕበር ደቀ-ንስትዮ መቀጻልታን መሳርሒን ግንባር ኢዩ** | **ማሕበር ኣንስትዮ ነጻን ንዝኾነ ፖለቲካዊ መርገጺ ዘለወን ኣባላት ብዘይኣድልዎ ዘሳትፍ ይኸውን።**<br>• ነተን ዝህልዋ ናይ ኣንስትዮ ይኹና ኩለን ጾታ-ተኰር ማሕበራት ከም ህዝባውያን ማሕበራት ኣቐሪብና ንዓዩ: |

| | | |
|---|---|---|
| 19) ነጻነት ሓሳብካ ምሃብ | መራኸቢ ብዙሓን ብመንግስቲ ዝተሓዝአ ኢዩ። እቲ ግንባር ድማ ይቈጻጸሮ | **መራኸቢ ብዙሓን ራብዓይ መዋቅር ሃገር ኢዩ**<br>• መራኸብቲ ብዙሓን ዘይወግዓውያን ራብዓይ ኣካል መንግስቲ ኢየን።<br>• ንተሓታትነት ፖለቲከኛታት ጥራይ ዘይኰናስ ንህዝብን ፖለቲከኛታትን ድንድል ምዃንን ዘገልግላ ኣገደስቲ ትካላት ኢየን። |
| | ነጻ ፕረስ የልቦን | **ነጻ ፕረስ ክህሉ ኣለዎ**<br>• ካብ ቀጥታዊ ምትእትታው መንግስቲ ነጻ ክኾናን፡ ሰብ ሞያን እተን ትካላትን ኣብ ምህናጽን ምፍጻምን ሕጊ ነጻ-ፕረስ መሪሕ እጃም ይህልወን።<br>• እቲ ሕጊ ንሃገራዊ ረብሓ፡ ጸጥታዊ ድሕነት፡ መሰረታውያን ክብርታትን ከምዘይጻረር ጌሩ ይስራዕ።<br>• ሰብ ሞያን እተን ትካላት መራኸቢታትን ድማ ንገዛእ-ርእሶም ንሕጊ ነጻ-ፕረስ ክምእዘዙ ግዴታን ሓላፍነትን ከምዘለዎም ኣብ ምግባርን ምክትታልን ግደ ይህልዎም። |
| 20) ኣጠማምታ ኣብ ካልኦት ፖለቲካዊ ሓይልታት | ንተሓኤ ከም ኣድሓርሓሪት ሓይሊ ይሪኣ | **ቃልሲ ተሓኤ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ብኡ መጠን ነኽብራ** |
| | ንህሉዋት ተቓወምቲ ሰልፍታት፡ ውድባትን፡ ምንቅስቓሳትን ብኣልማማ ከም ጸላእቲ ሃገርን ከድዓትን ይሪአን | **ኤርትራውነትን ሓሳብ ከምዘለወን ዘነጸራ) ከም ሃገራውያን ሓይልታት ንሪአን።** |
| | ኣብ ሃገራዊ ዘተን ዝርርብን ኣይኣምንን | **ሃገራዊ ዘተን ዝርርብን ንኣምን** |
| 21) ስፖርት | ንፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም ስፖርተኛታት ማህደረ-ትምህርቲ የለን | **ንፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም ስፖርተኛታት ማህደረ-ትምህርቲ ምድላው፡** |
| | ጋንታታት ስፖርት ንኽዓብያ ምትብባዕን ብመልክዕ ብርካዊ ትካላት ብቁጠባ ክትርንዓ ዝዕድም መድረኽ ኣይፈቅድን | **ጋንታታት ስፖርት ንኽዓብያ ምትብባዕን ብመልክዕ ብርካዊ ትካላት ብቁጠባ ክትርንዓ ምግባር፡** |
| | ስፖርታውያን ዝህነጽሉን ዝምዕብሉሉን ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ይትረፍ እኹል መሳለጥያታት'ውን የብሎምን | **ሓደ ስፖርታውያን ዝህነጽሉን ዝምዕብሉሉን ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጣር፡** |
| | ዓቢ ኣበርክቶ ወይ ዓወት ንዘመዝገቡ ዜጋታት ሃገራዊ ኣፍልጦን ኣይህቡን መዓርግ ስምን ኣየጠምቁን፡ | **ዓቢ ኣበርክቶ ወይ ዓወት ንዘመዝገቡ ዜጋታት ሃገራዊ ኣፍልጦን መዓርግ ስምን ምጥማቕ፡** |
| | ስነጥበባዊ ነጻነትን ነጻነት ምውድዳርን የለን | **ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ንኽስስንን ንኽበልጽን ስነ-ጥበበኛታት ድማ እቶቶምን ሞያኦምን ምእንቲ ክኽዕብት ናይ ነጻነትን ውድድርን መድረኽ ምስልሳልን ኣውፈርቲ ምትብባዕን፡** |
| | መብዛሕትሽን መበገሲታትን መወዳደሪ ባይታን ስነጥበብ ምስ ወተሃደራዊ ዕስክርና፡ ሃገራዊ ሽማግለ በዓላት፡ ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ደጋፊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ወይ እሙንነት ድማ ይሓትት | **ሓደ ንፍርያት ስነ-ጥበብ ዘዕቢ ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጣር፡** |

| | | |
|---|---|---|
| 22) ስነጥበብ | ስነጥበኛታት ንህግደፍ ዘይሰማማዕ ታሪኽን ባህልን ይኽልክል | ስነ-ጥበበኛታት መሰረታውያን ክብርታት ህዝቢ፡ ታሪኽን፡ ሃገርን ክዕቅቡን ንልምዓት ሰላምን ሃገር ዝሕግዙ ፍርያት ንኽፍርዩ ምትብባዕ |
| | ንዘበርከቱ ስነጥበበኛታት ኣፍልጦን መዓርግ ስምን ኣየጠምቅን እንተኣጠመቀ ድማ ምስኡ ምስ ዝሰማምዑ ጥራይ ኢዩ | ፍሉይ ስነ-ጥበባዊ ኣበርክቶ ወይ ዓወታት ንዘመዝገቡ ዜጋታት ሃገራዊ ኣፍልጦን መዓርግ ስምን ምጥማቕ፡ |
| | ንናይ መሰል ዋንነት ፍርያት ሕጊ የብሉን | ናይ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት መሰል ዋንነት ፍሉይ ሕጊ ምትእትታው፡ |
| | ኣባልነቶም ባዕሎም ዝሓጽዩሉን ባዕሎም ዘፍቅዱሉን ነጻ ማሕበራት ንኽቖሙ መድረኽ ኣየፍቅድን | ኣባልነቶም ባዕሎም ዝሓጽዩሉን ባዕሎም ዘፍቅዱሉን ነጻ ማሕበራት ንኽቖሙ መድረኽ ምፍጣር። |
| 23) ስነፍልጠት | ናይ ስልጣነ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ምርምርን ዳህሳስን ማእከል ኣይሰርሓሉን | ንኤርትራ ናይ ስልጣነ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ምርምርን ዳህሳስን ማእከል ምግባራ፡ |
| | ስነ-ፍልጠታውን ምርምራውን ፍርያት ናብ ቁጠባዊ ምንጪ ምቕያር ይትረፍ ዳርጋ የለን | ስነ-ፍልጠታውን ምርምራውን ፍርያት ናብ ቁጠባዊ ምንጪ ምቕያር፡ |
| | ንመንግስቲ ይኹን ንካልኦት ሃገራውያን ትካላት ብኹሎም መዳያት ምምኻር ዝሰርሕ ሻራ ዘይብሎም ናይ ስነፍልጠትን ምርምርን ማሕበራትን ትካላትን የለዋን፤ ኣይፈቅድን እውን | ኣእምሮ ሃገር ብምኳን፡ ንመንግስቲ ይኹን ንካልኦት ሃገራውያን ትካላት ብኹሎም መዳያት ምምኻር። |
| 24) ቱሪዝም | ዝተወሰነን ዝተሓጽረን ጽላት ኢዩ | ኤርትራ 'ናይ ሕጽኖት ሃገር' ንገብራ፡ |
| | ብኩራት ሃገራውያን ፓርክታት | እንስሳታት ዘገዳም፡ ብምዕቃብን ምርባሕን፡ ዝርከብዎም ሃገራውያን ፓርክታት ምሕዛእን ምምእኻትን፡ |
| | ዋሕዲ ወይ ኣልቦነት ኣብያተ መዘክራት | ናይ ታሪኻዊ፡ ሞያውን፡ ባህላውን ኣበርክቶ ዝገበሩ ውልቀ-ሰባት ኣበየ ቦታኡ ኣብያተ-መዘክራት ምህናጽ፡ |
| 25) ሳይበር | ብዛዕባ ሳይበር ዝኾነ ዝገበሮን ክገብሮ ከም ዝኽእል ኣንፈት እውን የለን። ኢንተርነት ኣሎ እንተተባህለ፡ እተን ብጭንን እሞ ድማ ብቁንጣሮ ከም መግደፍ ዝወሃባ ኢየን። | ሳይበር ማእከል ናይ ዕንታረን ብልጽግናን መደባትና ኢዩ<br>● ንማሕበራዊ መራኽቢታት ናይ ንግድን ስራሕን ማእከል ምግባር፡<br>● ዝውውር ጥረ ገንዘብ ብኤለክትሮኒካዊ ክትካእ ምስራሕ፡<br>● ኤርትራ ናይ ሳይበር ዓርሞሸሽ ንምኳን ምብቃዕ፡<br>● ሓደ ንሳይበር ዘደንፍዕ ከተማ ወይ ክፍለ-ከተማ ምፍጣር፡<br>● ዜጋታት ካብ ሳይበራዊ መጥቃዕትን ምትላልን ምኽታል፡<br>● ንህጻናትን ጭልቍዕ መንእሰያትን ኣብ ሳይበር ዘሕልፍዎ ግዜ ምውሳን፡<br>● ቤት ትምህርታት፡ ኣብያተ-ንባብን፡ ናይ መጽናዕቲ ማእከላትን ነጻ ኣገልጉሎት ኢንተርነት ክረኽባ፡<br>● ምስ ተኻእለ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ሃገር እትህቦ ዝተወሰነ ናይ ኢንተርነት መቑነን ምርግጋጽ ኢዩ። |
| | ማሕበራውን ፖለቲካውን፡ መሰላትን ክብርታትን ናይ ሓደ ዜጋ ካብ ዝኾነ ደረጃ ትምህርቲ ከምዝቐስሙ ኣይገብርን፡ | ማሕበራውን ፖለቲካውን፡ መሰላትን ክብርታትን ናይ ሓደ ዜጋ ካብ መባእታ ደረጃ ከምዝቐስሙ ምግባር፡ |

| | | |
|---|---|---|
| 26) ትምህርቲ | ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ናይ ኩሉ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራዊ ታሪኽ፡ ልምዳዊ ሕግታት፡ ባህልን፡ እምነትን ዘኽብር ወይ ዘየነኣእስ ኰይኑ ክስራሕ ኣይገበረን። ብናቱ ጥራይ ዓብሊልዎ ይርከብ | ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ናይ ኩሉ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራዊ ታሪኽ፡ ልምዳዊ ሕግታት፡ ባህልን፡ እምነትን ዘኽብር ወይ ዘየነኣእስ ኰይኑ ክስራሕ፡ |
| | ቴክኖሎጅን ምርምርን ኣየተባብዕን | ስነ-ፍልጠት፡ ቴክኖሎጅን፡ ምርምርን ነተባብዕ፡ |
| | ዩኒቨርሲታት ኣሽንኳይ ዶ ዝለዓለ ኣህጉራዊ መዐቀኒታት ከምዝህልወን ክግበር፡ እታ እንኮ እውን ተዓጽያ | ዩኒቨርሲታት ዝለዓለ ኣህጉራዊ መዐቀኒታት ከምዝህልዋ ክግበር፡ |
| | ኣብያተ-ትምህርታት መሰረታዊ ስርዓትን ሃገራዊ ትሕዝቶን ከቕስማ ኣይተራእያን ጥራይ ዘይኰናስ መቕረጺ ዘይስነምግባር ኰይነን፡ | ኣብያተ-ትምህርታት መሰረታዊ ስርዓትን ሃገራዊ ትሕዝቶን ከቕስማ፡ |
| | ኣብያተ-ትምህርታት ሞያ፡ ጥበብ፡ ምህዞን ካልኦት ባህግታትን ተመሃሮ ዝኸውን ባይታ የብለንን መማህራን ድማ ንዕኡ ዝዓጠቑ ኣይኰኑን፡ | ኣብያተ-ትምህርታት ሞያ፡ ጥበብ፡ ምህዞን ካልኦት ባህግታትን ተመሃሮ ዝኸውን ባይታ ክህልወን ምግዳድን መማህራን ድማ ንዕኡ ዝዓጠቑ ክኾኑ ክግበር፡ |
| | መሰል ምምሃር ቋንቋ ኣደ ንስራሕ ዕድል ንኽጠቕሞም ወግዓውያን ቋንቋታት ንኽመሃሩ ክግባር፡ | መሰል ምምሃር ቋንቋ ኣደ ኣብ መባእታ ደረጃ ክረግጋጽ፡ ኣብ ርእሲኡ ንስራሕ ዕድል ንኽጠቕሞም ወግዓውያን ቋንቋታት ንኽመሃሩ ክግበር፡ |
| | ናይ ግሊ ትምህርቲ ይዓጹን ይህግርን | ካሪክለመንን ዝህቦኦ ኣገልጉሎትን ብምክትታል ናይ ግሊ ትምህርታት የፍቀድ፡ |
| | ንውልቃዊ መጽናዕትታት ዘካይዱ፡ ንብሉጻት ተመሃሮን፡ ምዕሩይ ዕድል ንምፍጣርን ድማ (ብዘይካ ንዘገልግልዎ ኣባላቱ) ማህደረ-ትምህርታት ኣይፈቕድን። ባዕሎም ንዝረኸቡ ድማ ካብ ሃገር ክወጹ ኣየፍቕድን። | ንውልቃዊ መጽናዕትታት ዘካይዱ፡ ንብሉጻት ተመሃሮን፡ ምዕሩይ ዕድል ንምፍጣርን ድማማህደረ-ትምህርታት ክተኣታቶ። ባዕሎም ንዝረኸቡ ድማ ካብ ሃገር ወጺኦም ክመሃሩ ነፍቅድ። |
| | ንውልቀ-መማህራን ኣብያተ-ትምህርትታትን ብፍሉይ ኣበርክቶኦም ሞሳን ሽልማትን ክወሃብ ኣይኰነን እኹል ክብርን ደሞዝን'ውን ኣይረኸቡን። | ንውልቀ-መማህራን ኣብያተ-ትምህርትታትን ብፍሉይ ኣበርክቶኦም ሞሳን ሽልማትን ክወሃብ፡ ደሞዝ መማህራን እኹል ክኸውን ከምዘለዎ ክግበር። |
| | ዝኾነ ዜጋ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ (ብፍላይ ኣብ ሃገር ክፍወስ ወይ ክንክን ክግበረሉ ዘይክእል እንተኾይኑ) ናይ ምሕካም መሰሉ ድሩትን ድንጉይን ኢዩ፡ | ዝኾነ ዜጋ ናይ ምሕካም መሰል ከምዘለዎ ነረጋግጽ፡ |
| | ጥዑይ ሕብረተሰብ ፈጢርካ፡ ገምጋም ዕድመ ሂወት ዜጋታት ክብ ንምባል መጀመርያ እቲ ናይ ምንባር ዕድል ስለዘይተረኸበ ጥቃ ምርግጋጽ ኣይተበጽሐን፡ | ገምጋም ዕድመ ሂወት ዜጋታት ክብ ምባል፡ |

| | | |
|---|---|---|
| 27) ጥዕና | ኣሽንኳይ ዶ ሓጐስ ህዝቢ ንምርግጋጽ ኣእምሮኣውን ኣካላዊ ጸቕጥን ዝከናኸና ናይ ጥዕና ናይ ምኽሪ ማእከላት ከደንፍዕ: ምንጪ ኩሉ ጸቕጥታትን ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኢዩ፡ | ሓጐስ ህዝቢ ንምርግጋጽ ኣእምሮኣውን ኣካላዊ ጸቕጥን ዝከናኸና ናይ ጥዕና ናይ ምኽሪ ማእከላት ምድንፋዕ: |
| | ንመድሃኒትን መሳርሒ ሕክምናን እኹል ባጀት ጥዕና ኣይሰልዕን: | ንኹሉ ዜጋ ዝሓሸን ምዕሩይን ኣገልግሎት ንኽባጻሕ ምእንቲ ንመድሃኒትን መሳርሒ ሕክምናን እኹል ባጀት ጥዕና ምስላዕ: |
| | ሰብ ሞያ ጥዕና ሞሳን እኹል ደሞዝን ክብርን የብሎምን፡ | ሰብ ሞያ ጥዕና ሞሳን እኹል ደሞዝን ክህልዎም ምግባር፡ |
| | ታሪኽ ጥዕና ናይ ሓደ ዜጋ ብዘይፍቓዱ ንኻልኦት ኣካላት ከይተሓላለፍን፡ እቲ ዜጋ ኣብ ዝደለዮ ግዜ ድማ ታሪኽ ጥዕናኡ ምስ ዝጠልብ ክወሃቦን ዘውሕስ ዝኾነ ሕግን ተርእዮን የለን፤ መንግስቲ ወናኒ ኩሉ ሓበሬታ ኢዩ። | ታሪኽ ጥዕና ናይ ሓደ ዜጋ ብዘይፍቓዱ ንኻልኦት ኣካላት ከይተሓላለፍን፡ እቲ ዜጋ ኣብ ዝደለዮ ግዜ ድማ ታሪኽ ጥዕናኡ ምስ ዝጠልብ ክወሃቦ: |
| | ኣብ ብዙሕ መዳያት ናይ ጥዕና ጉዳያት ምስ ዝርካቡ ዘለዎም ሕጊ ዝተኣሳሰር ይኹን ዘይተኣሳሰር ዘለዎም መርሓ ግብርታት ውሁባት ወይ ንጹራት ኣይኮኑን | መርሓ ግብርታት ጥዕና ውሁብን ንጹርን ምግባር ዕዮና ኢዩ። መርገጺና ንህዝብና ኣሕሊፍና ክንህብ'ውን ንኽእል። ንኣብነት፡ ኣብ እዘን ዝቕጽላ ጉዳያት መርገጺ ካብ ምውሳድ ንሕረም፡ መላእ ህዝቢ ብመንገዲ ረፈረንደም ክውስኖ ነተባብዕ።<br>● ንብዝምልከቶም ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያ ሕክምናን ትካላት ሕጊን ብዝተረጋገጸ ጾታዊ ዓመጽን ንሂወት እታ ነፍሰ-ጾር ዝፈታተን ምስዝኸውን እታ ኣደ ነቲ ህጻን ብሕጋዊ ኣገባብ ናይ ምብርዓን ጥንሲ መሰል ክህልዋ ይግባእ ዶ ኣይግባእን?<br>● እቶም ብሕዱር ሕማም ዝሳቐዩ እሞ ብገዛእ ፍቓዶም ናይ ምሟት መሰል ክህልዎም ዶ ከይህልዎም? |
| 28) ማሕበራውን ሰብኣውን መሰላት | ኣብዚ ህግደፍ ብሒትዎ ዘሎ መንግስቲ ናይ ምእካብ ይትረፍ ናይ ምሕሳብ መሰል ገበን ዝገብረ ኢዩ | መሰል ምእካብ መሰረታዊ መሰል ዜጋታት ኢዩ<br>● ኩሉ ዜጋ ምስ ደስ ዝበሎ ዜጋ ብማሕበር ናይ ምእካብ መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን። እንተኾነ ዝኾነ ማሕበር ኣባላቱን፡ ንጥፈታቱን፡ ዕላማታቱን ብምምዝጋብ ብሃገር ኣፍልጦ ክወሃቦ ግድን ይኸውን። ብኡ መሰረት ድማ ዝግብኦ ረብሓ (ንኣብነት፡ ድጐማ ክቕበል ወይ ቀረጽ ክንሓፍ) ክረክብን ዝግብኦ ግዴታ<br>● (ንኣብነት፡ ጸጥታ ከባቢን ሃገራዊ ረብሓን ዘይምዝራግ) ክፍጽምን ይግባእ። |
| | ሕኽኽኒ ክሓከካን ዘመዳውነትን ኣድልዎን ዝመልኦ ናይ ስልጣን ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ ኢዩ | ንኹሉ ዜጋ ካብ ብኣድልዎን ኣፈላላይን ዘመዳውነትን ሕከኽኒ ክሓከካን ዝወርድ ምግላልን በደላትን ምኽላል: |
| | ዝኾነ ሰራሕተኛ ናይ እስትሕጋግ መሰል ከም ዝህልዎ ምግባር ኣይተረጋገጸን: | ዝኾነ ሰራሕተኛ ናይ እስትሕጋግ መሰል ከም ዝህልዎ ምግባር: |
| | ንዜጋታት ናይ ጡሮታ መሰል ኣይተረጋገጸን | ንዜጋታት ናይ ጡሮታ መሰል ምርግጋጽ፡ |
| | ኩሎም ብፍሉይ ደረጃ ንሃገር ዘበርከቱ ዝግብኦም ሞሳን ክብርን ከም ዝወሃብ ምግባር ብግብሪ ኣይተራእየን፡ እንተተገብረ በቲ ነቲ ግንባር ዘለዎም ተኣማንነት ዝተዓብለለ ኢዩ | ብፍሉይ ደረጃ ንሃገር ዘበርከቱ ዝግብኦም ሞሳን ክብርን ሃገራዊ ሽልማትን ከም ዝወሃብ ንገብር። እዚ ምስ ዝኾነ ሰልፊ ዝተኣሳሰር ክኸውን |

| | | |
|---|---|---|
| | ብመንግስቲ ዝተቐትሉን ካሕሳ ክወሃቦም ይትረፍ ሬሳ እውን እንተተዋሂብዎም ዕድለኛታት ኢዮም: | ስድራ ስዉኣትን ስንኩላንን፣ ብመንግስቲ ዝተቐትሉን ካሕሳ ክወሃቦም: |
| | ዜጋታት ድሕሪ 18 ዓመት ምእካሎም ናይ ምምርዓውን ርእሶም ናይ ምኽኣልን ምርጫን መሰልን ክህልዎም ዝነጸረ ሕጊ የለን: | ዜጋታት ድሕሪ 18 ዓመት ምእካሎም ናይ ምምርዓውን ርእሶም ናይ ምኽኣልን ምርጫን መሰልን ክህልዎም: |
| | ሓላፍነት ዘለዎ ነጻነት ሓሳብ ምግላጽ ከደንፍዕ ኣይኮነን ዝኾነ ነጻነት ሓሳባት ኣየእንግድን ኢዩ | ሓላፍነት ዘለዎ ነጻነት ሓሳብ ምግላጽ ምድንፋዕ |
| | ስድራቤት ካብ ኣውራ መሰረታት ሃገር ከይትኾውን በቲንዋን ፈላልዩዋን | ኣብ ርእሲ ውልቀሰብ ስድራቤት ቀጺላ መሰረት ሃገር ኢያ፤ ቀጻልነታን ስጡምነታን ድማ ንሰርሓሉ |
| | ነጻነትን መሰልን ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን የለን፡ | ነጻነትን መሰልን ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ክረጋገጽ፡ |
| | 24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት ኢያ ይብል | 24 ግንቦት መዓልቲ ምሕራር ኣስመራ ወይ መላእ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ትኸውን፡ |
| **29) ሃገራዊ በዓላት** | 28 ግንቦት ድማ መዓልቲ ርእሰ-ምኽኣል/ነጻነት/ልኡላውነት ክንሳ፡ ወተሃደራዊ ዘይኮነስ ህዝባዊ ድምጺ ዘረጋግጸ እናሃለወት እንከላ፡ ንዝኽሪ ዝቈመ በዓል የለን። | 28 ግንቦት ድማ መዓልቲ ርእሰ-ምኽኣል/ነጻነት/ልኡላውነት ትኸውን፡ |
| | ንሓርበኛታትን ብጁዋትን ዜጋታት መዘከርታ እትኸውን ባዕሉን ንበይኑን ዘጽንዓ 20 ሰነ ጥራይ ኢያ | ንሓርበኛታትን ብጁዋትን ዜጋታት መዘከርታ እትኸውን ብባይቶ እትጸድቕ ወይ እትጸንዕ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ዑደት ዓመት ትህሉ፡ |